# ካብ ኣብ ዘዘለኻዮ ምኽርዛዝን ኣንፈቱ ዘይፈለጥ ሃላልነትን መታን ክንድሕን፡-

## ሳልሳይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ካልኣይ ክፋል፡ ብዘይካቶም ክሳብ ሎሚ፡ ብተመክሮ ገድሊ ናይ ትማሊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናይ ሎሚ ስማዊ ሰልፊ ህግደፍ ናትና'ዩ ዝብል እምነት ዘለዎም፡ ብጠቕሚ፣ ብዝምድና፣ ብከባቢ ምስኡ ተላጊቦም ኣብ ገበናዊ ተግባራት ተዋፊሮም ዘሳስዩ ዘለው ኣዝዮም ውሑዳት፡ እቲ ዝበዝሕ ተጸመም ንዝብል ሽጣራ ኢሳያስ ተርቢዑ ለውጢ ናብ ዘቋምተሉ ተሰጋጊሩ ወይ ውድዓዊ ኩነታት ካብ ልክዕ ንላዕሊ በሲሉ ክንሱ፡ ብግቡእ መሪሑ ዘቃልሶ ስኢኑ እነሆ ኣብ ጽምልምትምት ኣትዩ ይርከብ። እሞ ብፖለቲካዊ ውድባት ክግበር ዝነበሮ፡ ግን ዘይተገብረ ብጭቡጥ እንታይ'ዩ ኣብ ዝብል ኢና በጺሕና ነይርና፡ ሳልሳይ ክፋሉ ድማ እነሆ። ምክትታልኩም ከኣ ኣይፈለየና።

ብቕኑዕ ኣገባብ፡ ብስትራተጂን ስልትን ትምራሕ ዘለኻ መሲሉኳ፡ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ፖለቲካዊ ሕማም ከይፈለጥካ ግጉይ ኣንፈት ተኸቲልካ ክትጎዓዝ፡ ቅኑዕን ክተባባዕ ዝግባእን 'ኳ እንተዘይኮነ ዘይምፍላጥ ስለዝኾነ፡ "ኣብ ጥፉእ ኣይትዛረብ ክፉእ" ከም ዝተባህለ፡ ነቲ ዝኾነ ብጸጋ ካብ ምቕባልን ካብኡ ተማሂርካ ምቕጻልን ወጻኢ ዝበሃል ነገር ኣይህሉን። ኣብ ኤርትራ ኣብ መድረኽ ሰላማዊ ኮነ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበረ ውሽጣዊ ጸገማት ግን ፈጺሙ ዘይፍለጥ ስውር ኣይነበረን። ኣብተን ፖለቲካዊ ማሕበራት ደሓር ፖለቲካዊ ውድባት ብሓፈሻ፡ ኣብ መሪሕነታዊ ኣካላት ከኣ ብፍላይ፡ እንታይ ስምዒታት ከም ዝነበረ ምሉእ ህዝቢ ይፈልጥ ነይሩ'ዩ ንምባል'ኳ ኣጸጋሚ እንተኾነ፡ ጸገም ከም ዘሎ ግን ይፍለጥ ነይሩ'ዩ። ብፍላይ ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ መንቋሕቋሕታን ቅርበትን ዝነበሮ እንታይን መንን'ዩ እቲ ዕንቅፋት ዝኸውን ዘሎ ርዱእ'ዩ ነይሩ። ሕራይ ነቲ ቅድሚ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ዝነበረ 20 ዓመት መድረኽ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ናይ'ቶም ኣብቲ እዋንቲ ዝዋስኡ ዝነበሩ ኣቦታትና ሕጽረት ተመክሮ፡ ከምኡ'ውን ከካብ ናቱ ድሌታት ዝብገስ ሜላታቱ ብዙሕ፡ ዝተዋደደን ጽዑቕን ግዳማዊ ተጽዕኖታት ስለ ዝነበሮ ብዝብል እቲ ነቒፈታዊ ገምጋም ኣፍኩስ ነብሎ።

ካብ መድረኽ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ተስፋ ቆሪጹን ስንቂ ዝኾኖ ተመክሮ ወሲዱን ናብ ብረታዊ ቃልሲ ምስተሰጋገረ ዝነበረ፡ መብዛሕትኡ ናይ ስልጣን መን በሓተ ሕልኽ 'ምበር፡ መሰረታዊ ናይ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ ፍልልይ ዘይነበሮ፡ ካብ ናይ ቃላት ኩርባባ ናብ ናይ ተተኮስቲ ኩርባባ ማዕቢሉ ደም ዘፋሰሰን ጸሊም ታሪኽ ዝሰነደን ካብ ፖለቲካዊ ድኽነት ወጻኢ ካልእ ምኽንያት ክትፈጥረሉ ዝከኣል ኣይኮነን። ሕቡእ ኣይነበረን። ካብ ዝንቡዕ ኣረኣእያ ዝብገስ ባዕላዊ ምበር ግዳማዊ'ውን ኣይኮነን።

ስለዚ ከይፈለጥካ ዝተሰርሐ ጌጋ ዘይኮነስ፡ ይፍለጥ ምንባሩ፡ ውሽጣዊ 'ምበር ደጋዊ ዘይምንባሩን እቶም ኣብ በበይኑ እዋናት ኣንፈትና ኣይግድን፣ ናበይ ንኸይድ ኣለና፣ ካብ ጠለብ ህዝብን ተሓታትነትን ንወጽእ ኣለና፣ ዘይደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ይስዕርር ኣሎ፣ ውልቃውነት ይነግስ ኣሎ ዝብል ብውልቀን ብደረጃ ጉጅለን ሓላፍነታዊ ርእይቶ ስለ ዝሃቡ ጥራሕ፡ ቅኑዕ ርእይቶኦም ትሕቲ ሃገርነት ዝብል ፈጠራዊ ስም ተጠቂኑ፡ ብውዲት ስተረሸኑን ዝሓቐቑን ጀጋኑ ምስክር'ዮም። እቲ ካብ ወጽዓ ዝተወልደ ሕቶ ሃገራዊ ነጻነት ሓርነት መበገሲ ጌርካ ምቅላስ ቅኑዕ። እቲ ቅኑዕ ሕቶ ብምልኣት ኣብቲ ዝድለ ሸቶ ከይትበጽሕ ውሽጣዊ ዕንቅፋት ከም ገጢምዎ፡ ምኽንያቱን መፍትሒኡን በላሕትን ውፉያትን ክሳብ ህይወቶም ዝኸፈልሉ መረዳእታ ተረኺቡ እናሃለወ ብዘየዳግም ዘይተኣረመሉ ምኽንያት፡ ደሚርካ ቀኒስካ ዝርከብ መልሲ ጉድለት ቅንዕናን ድኽመት ፖለቲካዊ ውድባትን ዝብል'ዩ። ውሽጣዊ ጸገምካ ኣብ ቅሉዕ መድረኽ ብኽፉት ኣእምሮ ክትበሃሃል ዘይምኽኣል ከም ሰውራ ርኡያት ድኽመታት ትማሊ'ዮም።

እዚ ውህሉል ኣሉታዊ ተመክሮ'ዚ እናሃለወ፡ ኣብ'ዚ ሎሚ ዝካየድ ዘሎ ኣንጻር ዘቤታዊ ምልኪ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ባህሊ ድሑር ፖለቲካዊ ምትህልላኽን ምንጽጻግን ከም ቀንዲ ዕማም ተወሲዱ ክስረሓሉ ክትርኢ እንክለኻ፡ ዘይበሊ ሕማም ትብልን ትግረምን። ብፍላይ እቶም ነቲ ጸገም ኣቐዲሞም ነቒሐምሉስ ዕጥቆም ከይፈትሑ ካብ መድረኽ ሃገራዊ ነጻነት ናብ ምርግጋጽ ህዝባዊ ሓርነት ዝተሰጋገሩ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ንገዛእ ርእሶም ካብ ናይ ድሕረት ስምዒታት ሓራ ገይሮም፡ ሓሳብ ብሓሳብ ንምስዓር ወይ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ንምምሕዳር ኣብ ክንዲ ምስራሕ፡ ኣካል ኣምሳል ናይ'ቲ ዘይሃናጺ ውድድራት ኮይኖም ምጽናሖምን ምህላዎምን ምስተገንዘብካ ብምህሮን ተመክሮን ዘይፍወስ ሕማም ከይኸውን ትስከፍ። ፖለቲካዊ ፍልልያት ብፍላይ ከኣ ብትምክሕትን ጽበትን ኣረኣእያታት ዝተቐዕማጥዑ ፍልልያት፡ ብሰናይ ድሌት ብይኹን ይኹን ኣይዕረቕን። ብስነ-መጎት ሓይሊ'ውን ካብ መሰረቱ ኣይፍታሕን። ዝፍተሓሉ እንኮን

ኣማራጺ ዘይብሉን ኣገባብ፡ ህዝቢ ዘሳተፈ ቅሉዕን ቀጻልነት ዘለዎ ናይ ክትዕን ትምህርትን መድረኻት ጥራሕ'ዩ። ከም'ዚ ዓይነት ኣገባብ ኣፈታትሓ ግርጭት ግን፡ ንፍርዲ ኣይትርትዑና ዝቐርብ እንተዘይኮይኑ 1991 ብግቡእ ይስራሓሉ ኣይነበረን። ድሕሪ 1991 ክስረሓሉ ኣይተራእየን። ኣብ ዓይኒ'ኻ ዘሎ በሰር ከየውጻእካ ኣብ ዓይኒ ካልእ ዘሎ በሰር ከተውጽእ ስለዘይት'ኽእል፡ ነብስ ወከፍ ፖለቲካዊ ውድብ ኮነ ናይ ሓባር ፖለቲካዊ ግንባር ከይደዋወሰ ማሕበራዊ መሰረቲ ከነጽር፡ እምነቱን ኣረኣእያኡን ኣብ ህዝቢ ንምስራጽ ብጉልበት ወይ ብድሑር ስምዒታት ዘይኮነ ብሃናጺ ምዕቡል ሓይሊ ሓሳብ ክምህር፡ ኣረዲኡ ምሂሩ ቀልቢ ህዝቢ ስሒቡ ልዕልነቱ ዘረጋግጸሉ ባይታ ክምድምድ ይግባእ ነይሩ። ሳሕቲ ወይ ላህመታዊ እንተዘይኮይኑ ብውጥን ብስጥመት ብከምኡ ክስራሕ ኣይጸንሐን። ሕጂ'ውን ይስራሕ የለን። ህዝቢ ብሓፈሻ መናእሰያት ከኣ ብፍላይ፡ ካብ ፖለቲካዊ ድንግርግር ዝድሕንሉ፡ መን እንታይ ይብል ኣሎ ብግቡእ ፈሊጦም ፖለቲካዊ ንቕሓት ኣማዕቢሎም ይኾነና ዝብልዎ መስመር ክመርጹ ዘኽእሎም ኣስተምህሮ ረኺቦም'ዮም ኢልካ ትማጎተሉ የለን።

ክኑዕን ዘይቅኑዕን ክመሃር ክፈልጥ ዝደሊ ሓቀኛ ናይ ፖለቲካ መምህርን ፖለቲካዊ መድረኽን ዘይረኽበሉ፡ ብፖለቲካዊ ውድባት ኣብ ዝተጸወዓ ኣኼባ፡ ዕምቆት ዘለዎ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ዘጨብጥ ዘይኮነ፡ ብወሳኒ መልክዑ ሓበሬታ ሰሚዑን ኣብ ዝተዳለወ ዘይተርፍ መደብ ትልሂት ተቐጻጽዩን ንዘጥፈኦ ግዜን ናይ መጎዓዝያ ገንዘብ ዘየከሓሕስ መልእኽቲ ሒዙን ዝምለሰሉ ኩነታት'ዩ ጸኒሑን ዘሎን። ካብ ሓደ ኣንጻር ምልኪ ንሓርነታዊ ደሞክራስያዊ መሰላት ይቃለስ ኣለኹ ዘይትጽበዮ፡ ገሊኦም ነቲ ትምክሕቲ ብትምክሕቲ ክስዕርዎ ትምክሕታዊ ጉሳዕ የስምዑ። ገለ ብጽበት ፈታውን ጸላእን ምምልላይ ተሳኢንዎም ከም ቆሎ እንጣጢዕ ጠራዕራዕ ይብሉ። ገለ ህልዋት ዘይህልዋት ኮይኖም ማእከላይ መርገጽ ሒዞም ከከም ኩነታቱ ወደኽደኽ ይብሉ። ገለ ከኣ ናብ ብዙሓትን ውጹዓት ዝወገነ ንሎምን ጽባሕን ዘገልግል ንጹር ፍትሓዊ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ኣረኣእያ ወኒኖም ክንሶም፡ ቅኑዕ ዕላማኦም ኣብ'ቲ በዓል ቤት ዝኾነ ህዝቢ ኣብጺሖም፡ ንወነቲ ድሑር ዝንባሌታት፡ ኣብ ቅሉዕ መድረኽ ብደሞክራስያዊ ኣረኣእያ ስዒሮም ቀላሲ ተራ ዝጻወትሉ ባይታ ምፍጣር ሓርቢትዎም፡ ብተግባር ስትራተጂካዊ ኣመራርሓ ክህቡ ዘይኮነስ ወርቃዊ ግዜኦም ኣብ ዕለታዊ ተረኽቦታት ከባ'ኽንዎ ክትርኢ። ስለዚ ከኣ ፍታሕ ናይ'ዚ ህዝባዊ ጸገም ኣብ ክንዲ ዝቐርበካ መሊሱ ይርሕቀካ።

ኤርትራ ካብ ሰራዊት መግዛእቲ ነጻ ካብ እትወጽእ 30 ዓመት ቀሪባ ኣላ። ህዝብታት ኤርትራ ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ዘቤታዊ መግዛእቲ ኮይኖም ናይ ስቓይ ህይወት'ዮም ዘሕልፉ ዘለው። ከም ኣብነት ንዘክር ኣብ 1999 ንመጀመርያ ግዜ ብርክት ዝበላ ፖለቲካዊ ውድባት ሓቢረን ክሰርሓ ሓደ፡ ሃገራዊ ምሕዝነት ሓይልታት ኤርትራ ዝብል ስልታዊ ግንባር መስራተን። ነቲ ካብ ፍጹም ምልኪ ክገላገል ሃረር ዝብል ዝነበረ ህዝቢ ተስፋ ኣሕዲሩ። ግን ኣብ መንጎ ኣባል ውድባቱ ዝተነጸረ ናይ ሓድነትን ቃልስን ዝምድና ኣይነበረን። ውሽጣዊ ምኽት ዘይብሉ ክንሱ፡ ከም ዓመታዊ ንግደት ነዊሕ ተጸቢ'ኻ ኣኼባ ይግበር። መዕለቢ ኣብዘይብሉ ኩሉ ግዜ ኣብ ዝደጋገም ኣርእስታት ማለት ኣብ ሕቶ ብሄርን ሃይማኖትን፣ ህግደፍ ፈታዊ ድዩ ጸላእ፡ ከመይ ክግጠም ኣለዎን ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ከምዝተዘራረበ ይሕበር። ዝቕጽል ኣኼባ'ውን ከምኡ። ድሕሪኡ'ውን ከምኡ ይቕጽል። ብቕንዕና በረኣእያ ብሓላፍነት ዘትዩን ኣብ ዘየዳግም ሓባራዊ ኣረዳድኣ ዝበጽሓሉን ዳርጋ ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል። ነይሩ'ባ እንተተ ባሂሉ ከኣ ኣካላዊ ምሕዝነት ዘቐጸል፡ ድሕሪ ሳልስቲ መትከላዊ መእሰሪ ከም ዘይተገብረሉ ዘረድእ ምክሳስ ዝጅምረሉን እናኾነ'ዩ መጺኡ። ካብ ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ጀሚሩ ዝነበረን ዘሎ ስልታዊ ግንባራት ብሸፈጥ ዝተመስረተ ጽፈት ዘይብሉ ኣካላዊ ምሕዝነት 'ምበር፡ ናይ ርእይቶ ወይ ሓሳብ ምሕዝነት ከም ዝነበረን ዘሎን ዘእምን መረዳእታ የለን።

ክንዲ ህግደፍ ዝኣክል ኣብ ምብትታን ህዝቢ ብመደብ ዝሰርሕ ዘቤታዊ ጸላኢ ኣቐሚጦም፡ ካብ ህዝቢ ሓንሳብ ዘይኮነ ብቐጻሊ ናይ ኣድሕኑና ኣውያት እናሰምዑ፡ ጭርሖ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ቅድሚ ኩሉ እናቃልሑ፡ ብውልቃዊ ሓሳባቶም ክምርሕሉ ዝጸንሑ ሕግን መምርሕን ዝጥሕሱ፡ ንእከለ መታን ደስ ከይብሎ፡ ስልታዊ ግንባር ኣፍሪሶም "መለሳ ቆሎ ጥጥቕ" ዓይነት ስልታዊ ግንባር ዝምስርቱ፣ ካብ ህዝቢ ርሒቕም ክንሶም ኣነ ብላዕለዋይነት እንተዘይመራሕኩ መደባት ሓባራዊ ስልታዊ ግንባር ኣብ ደውታ ክኣቱ ክኽርዝዝ ዝገብሩ፣ ብፈይስ ቡክ ዝናተመርሑ ንገለ ግሩሃት ብስምዒት ኣረሳሲኖም ኣብ ፖለቲካዊ እምነት ዘይኮነ፡ ፖለቲካዊ ድሕረት ተሰሪቶም ብዝላ መሰረታዊ ለውጢ ክነምጽእ ኢና ኢሎም ዝሃሉ ..ወዘተ ቅጥዒ ዘይብሉ ዝተጠናነገ ዘይሕጋዚ ፖለቲካዊ ንጥፈታት'ዩ ክካየድ ጸኒሑን ዘሎን።

ከም ኣብነት እቲ ንሕቶ ብሄርን ሃይማኖትን ኣይቅበልን ዝብል ወገን፡ ዘይመቐበሊኡ ምኽንያት ኩሉ ክመሃረሉ ዘኽእል ዝተደኽመሉ መጽናዕታዊ ሰነዳት ኣዳልዩ ሰፋሕትን ቀጻልትን መድረኻት ከፈቱ ከእምን ኣይፍትንን። እቲ ንብሄራውን ሃይማኖታውን መልክዕ ውደባት ዝቕበል ኮነ፡ እቶም ብኡ ዝተወደቡ ወገናት ብተመሳሳሊ፡ ኣድላይነቱ በዝን በዝን

ምኽንያት'ዩ ዝብል ዝተደኸመሉ ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ሰፊሕን ቀጻልነት ዘለዎን ፖለቲካዊ መድረኻት እናኸፈቱ ነቲ ኣይኣምንን ዝብል ወገን ኮነ ንህዝቢ ንምእማን ከም'ቲ ዝድለ ኣይተረባረቡን። እዚ ናይ ግድን ክግበር ዝነበሮ ግን ከኣ ዘይተገብረ'ዩ።

ኣብ ኣሰላልፋ ፖለቲካዊ ሓይልታት ብሓፈሻ፡ ህግደፍ መን'ዩ? ናይ መን ወኪል'ዩ? ፈታዊ ድዩ ጸላኢ? ከመይ'ከ ክግጠም ኣለዎ? ኣብ ዝብል ዛዕባ ብተመሳሳሊ መሪሕነታዊ ኣካላት ኣብ ዝተራኸብሉ መድረኻት ብዙሕ ግዜ ካብ ዝለዓሉ ነጥብታት ሓደ ምኻኑ ይፍለጥ። ግን ከኣ፡ ኣኹል ግዜ ረኺቡ ብተንታን ብ'ኽትዕ በሲሉ፡ ኣብ ውዱእ ሓባራዊ መረዳእታ በጺሑ ከይተኸንበት ዝተርፈሉ ግዜ ውሑድ ኣይነበረን። ካብ ምምስራት ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ብዙሓት ውድባት ተወሊደን፣ ብዙሓት ምሕዝነታት ድማ ተመስሪተን'የ። ዛጊት ግን ዝተረኸበ ውጽኢት የለን።

ካብ ኩሉ ዝኸፍአ እቲ ዝምስረት ምሕዝነታት ኣብ መሰረታት ናይ'ተን ተመሓዘውቲ ውድባት እኹል ኣገንዝቦ ተታሒዝሉ ብእምነት ቅቡል ኮይኑ ዘይኮነ፡ ብቐንዱ በቶም ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ዝርከቡ መሪሕነታት'ዩ ተመስሪቱ ዝበሃል። ኣብኡ ከኣዩ ንታሪኽ ዝኸውን ጽሑፍ ሰንደት ከይተታሕዘሉ ኮለል ክብል ጸኒሑ ናይ ፈሪስና መግለጺ ዝወጽኣሉ። ናብ ህዝቢ ወሪዱ ብግልጺ ክተዓት ኣይግበረሉን። መን ዓንቃፊ ምስ ምኽንያቱ ንህዝቢ ከይቀረበሉ፡ ፍርቂ ገጽ ብዘይመልእ ናይ ነብስ ምክልኻልን ምጥቃዕን ትሕዝቶ ብዘለዎ መግለጺ ኣቢሉ መርድእ ምፍልላይ ክሰምዕ'ዩ ክግበር ጸኒሑ። እዚ ደረጃ ብደረጃ ከይንብርኽ ንህዝብና ኣብ ጎኒና ኣሰሊፍና ተስፋን ኩርዓትን ከይንኾኖ ኣብ ጋማን ክነብር ከም ዝገበረ ግጉይ ኣገባብ'ዩ።

ኣስታት ናብ 80 ዓመታት ዝጽጋዕ ናይ ፖለቲካ ተመክሮ ኣብ ዘለዎ ህዝቢ፡ ብኣጋጣሚታት ሳሕቲ ዕምቆተ ተንታን ዘይብሉ ብሓጻርቲ ጽሑፋት ወይ ጸቢብ ኣኼባ ጸዊዕካ ጉጅለ ባህሊ ዓዲምካ ወይ ተኻሪኻ ብወሳኒ መልክዑ ኣብ'ቲ ቀንዲ ስትራተጂካዊ ዕላማታት ዘይኮነ ኣብ ተረኽቦታት መሰረት ዝገበረ፡ ናይ ሓጺር ደቓይቕ መግለጺ ሂብካ'ዩ ህዝቢ ዝፋኖ። ኣብ'ቲ ቀንዲ ዘዕባታት ማለት ኣብ ፖለቲካዊ መደብ-ዕዮ፣ ቁጠባዊ መደብ-ዕዮ፣ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት እምነትና እዚ'ዩ። ምስ ህግደፍ እዝን እዝን ይፈልየና። ምስ እከለ ዝተባህለ ውድብ ኣብ'ዚ ንራኸብ ኣብ'ዚ ንፈላለ፡ በዚ ምኽንያት ምስ እከለ ተመሓዚና ክንሰርሕ፡ ምስ እከለ ድማ ብመሰረት ዕላማና ኣብ ሓድነት ክንበጽሕ ኢና ..ወዘተ ዝትሕዝቶኡ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓት ህዝቢ ዘጎልብት መሰሉን ግዴታኡን ተረዲኡ ብኣፍልጦን ብትብዓትን ክቃለስ ዘዕጥቕ፡ ብሰነድ ዝተደገፈ ኣስተምሃሮ ይወሃብ ኣይነበረን። እቲ ይግበር ነይሩ ዝበሃል ብቑም-ነገሩ ዝተታሕዘ ናይ ፖለቲካዊ ሰብ ከተፍርየሉ፡ ብህግደፍን መሰልቱን ዝተዛበዐ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ከተስተኻኽለሉን ዝዓለመ ዝተደኸመሉ መደባት ዘይኮነ፡ ንፍርዲ ኣይትርትዑና ንስለ ገርና ንምባል ዝገበር'ዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ሕጂ ድማ ብተግባር ዝዘራእናዮ ኣብ ምዕጻድ ንርከብ ኣለና። እቲ ናይ ለውጢ መድረኽ ብሱል፡ ህዝቢ ንለውጢ ዘለዎ ሃረርታ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ክንሱ፡ ኣካይዳ ፖለቲካዊ ውድባት ብሓፈሻ፡ መሪሕነታዊ ኣካላት ከኣ ብፍላይ ግን ሓላፍነታዊ ተራኦም ኣብ ምጽዋት ኣይግድን፡ ፡ ትማሊ ኣብ ህዝቢ ክስራሕ ዝነበሮም ዘይተሰርሐ ፖለቲካዊ ህንጻት ኣጣዒስዎም፡ መትከላዊ ኣሰራርሓ ተኸቲሎም ኣብ ክንዲ ዝረባረቡ፡ ኣብ ዕለታዊ ስራሓት ተጸሚዶም ጋማ-መን ክብሉ ኣዝዩ ዘሕዝን ታሪኽ ተመክሮን'ዩ። ገሊኦም ከርዚዞም፡ ገለ ኣንፈቱ ብዘይፍለጥ ብዓጋም ጠሓስ ፖለቲካዊ ሃላልነት ወርቃዊ ናይ ለውጢ ዕድላት ንከንቱ ይሓልፍ፡ ህዝቢ ድማ ይብተን ኣሎ። እሞ ንብሕጂ'ኸ እንታይ ይገበር?

## ራብዓይ ክፋሉ ይቕጽል

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 02-11-2018